# ትማሊ ኣይናትና ጽባሕ ኣይናትና!

እታ እግዚኣብሄር ዝገበራ መዓልቲ እዚኣ እያ፣ ብእኣ ንተሐጐስን ባህ ይበለናን። (መዝ.118፡24)

ትማሊ ኣይናትናን ጽባሕ ኣይናትና ሎሚ ንዓና። ሰብ ሎሚ ምንባር ስኢንዎ ዘሎ ብትማሊ እናተጣዕሰ ብጽባሕ ድማ እናተጨነቐ ይነብር ስለዘሎ እዩ። እግዚኣብሄር ኩሉ ሂቡና ክነሱ ሓደ ክንፈልጦ ወይ ክንግምቶ ዘይደልየና ብዛዕባ ንምፍላጥ እዩ። ከመይሲ ኣብኡ ምውካልና ቀጻልነት ክህልዎ ስለዝደለየ እዩ።

ብዘይካ እቲ ንዅሉ ዝፈጠረ ህያው ኣምላኽ ኩሉ ፍጥረት ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ይዅን ኣብ ታሕቲ ምድሪ ካብ ሎሚ ወጻኢ ዝፈልጥ ዋላሓደ የለን። ጸላኢ ማለት ሰይጣን ንጽባሕ ዘይፈልጥ ክነሱ ብዛዕባ ጽባሕ እዩ ዘፈራርሃና። ሎሚ ንነብራ ኣሎና። ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነና ነብዪ ኤልያስ እዩ። ኩላትና ከም እንፈልጦ ድሕሪ እቲ ዘምጽኦ ዓቢ ምንቕቓሕ ኢዛቤል ጓል ንጉስ ኢትባዓል ንጉስ ሲዶን ሰበይቲ ንጉስ ኣክኣብ " ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ንነፍስኻ ኸም ነፍሲ ሓደ ኻባታቶም እንተ ዘይገይረያስ፡ ኣማልኽቲ ኸምዚ ይግበሩኒ፡ ከምዚውን ይወስኹኒ፡ (1ነገ. 19፡2) ኢላ ከም ዘፋራርሀቶ ንዝክር ኢና። እቲ ዘገርም ክትቀትሎ እንተትኽእል ንምንታይ ቆጸራ ዘውህብ ነይርዋ? ስለዘይትኽእል ግና " ጽባሕ" ዝብል ቆጸራ ሂባቶ። ህይወት ዝህብን ዝወስድን እግዚኣብሄር ባዕሉ ጥራይ እዩ። ኤልያስ ከማና ዝድኻሙ ሰብ ስለዝነበረ ነዚ ድምጺ እዚ ብምፍራህ ሃዲሙ።

እስራኤል ካብ ግብጺ ክወጽእ ከሎ እግዚኣብሄር ኣብ ምድረ በዳ ማና ኣውሪዱ ከም ዝመገቦም ንዝክር ኢና። ናብ ዓዲ ሃገረ ሰብ ክሳዕ ዚኣትው፡ ኣርብዓ ዓመት ማና በልዑ። ናብ ወሰን ሃገር ከንኣን ክሳዕ ዚበጽሑ፡ ማና በልዑ (ዘጸ.16፡35) ምስዚ ኩሉ ልግሱ ሓደ መምርሒ ሂብዎም። " *ሓደ እኳ ኻብኡ ገለ ኽሳዕ ንጽብሒቱ ኣየትርፍ፡ በሎም* "(ዘጸ. 16፡19) እዚ ዝበሎም ኣምላኾም ኣምላኽ ጽባሕ ድማ እዩ። ዓሪፎም ክሓድሩ " ጽባሕ እንታይ ክትወልድ እያ " ከይብሉ ምእንቲ ንሎሚ ጥራይ ዝኾነኩም ኣክቡ ኢልዎም። ገለ ሰባት ነቲ መምርሒ ብዝግባእ ስኣን ምስምያም እተባህልዎ ድማ ስለዘየተግብርዎ " ካብኡ ኽሳዕ ንጽብሒቱ ኣትረፉ፡ ንሱ ኸኣ ሐሰኸ፡ በድበደ ድማ።" (ዘጸ. 16፡20) ኣምላኽ ጽባሕ ምናልባት ሓሳቡ ክቕይር ይኽእል እዩ ዝብል ስግኣት ዝሓደሮም ይመስሉ። ሓደ ነገር ከማይን ከማኹን ረሲያም። ሎሚ ክህቦም ዘገደዶ ማንም ኣይነበረን!

ጎይታ የሱስ እውን ንደቀ መዛሙርቱ ጸሎት ምሃረና ምስ በልዎ " ናይ ዕለት ኣንጌራና ሎሚ ሃበና " ክብሉ እዩ ምሂርዎም። ብዛዕባ ጽባሕ ዘይምሕሳብ ዘይኮነስ ዘይምጭናቕ ኣብ ኣምላኽ ምእማንና መርኣዪ እዩ።

ሎሚ ክንገብሮ ዝግብኣና ጽባሕ ናትና ስለዘይኮነ ሎሚ ንግበሮ። " ሕጂ ክትገብሮ ዝግብኣካ ሰናይ ነገር ንደሓር ኣይተማሓላልፎ። ከመይሲ ሞት ጌርካዮ ዲኻ ኣይገበርካዮን ምርጫ ኣይህበካን እዩ። ሞት ንማንም ይዅን ንምንም ኣይትጽበን እያ። ጸላእቲ የብላ ፈተውቲ የብላ"

*(መተሓሳሰቢ! እዚኣ ካብ ሊዮ ቶልስቶይ ኣብታ **ዓውደ ኣዋርሕ ጥበብ** (**A Calendar for Wisdom**) እትብል መጽሓፉ እተወሰደት እያ ገጽ 84)* [A Calendar of Wisdom]